**ናይ ባሕቲ መስከረም ዓወትና**
**ቀደም ብደምና፡ ሎሚውን ብርሓጽና !**

መግዛእቲ ድሕሪ መግዛእቲ ዶባት ምንጻርና
ኤርትራ ካብ ትጽዋዕ መለለይት ሽምና
እስላማይ ክርስትያን'ና ከበሳ ቆላና
ትሽዓተ ብሔራት ሽዱሽተ ዞባና
እምቢ ንመግዛእቲ ኣብ ኣዳል ፈሊምና
ኣብ ባሕቲ መስከረም ስረና ዓጢቕና
ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ሓደ ተጠርኒፍና
ብመሪሕ ውድብና ቃልስና የዕዊትና
ታሪኽና መሊስና ታሪኽውን ሰሪሕና
"ኣይንፋላለን" ኮይኑ መትከል ሕመረትና
ኣሎና ኣብ ዓለም ከም ሰብ ተኸቢርና

ንጀንሆይ መንግስቱ ድሕሪ ኣላሽ ምባልና
ሕልሚ ዓባይ ትግራይ መኪትና ምፍሻልና
መንግስቲ ከደምቲ ኣብ ነቕነቕ ኣብጺሕና
መፍትሒ ናይ ሰላም ብልጽግና ኴና
ንኩናት ብኩናት ብጽንዓት መኪትና
ዘይፍትሓዊ ሕጊ ብሕጊ ስዒርና
ሓንሳብ ንሓዋሩ ዶባትና ተሊልና
ናይ ዓመጽቲ እገዳ ብግብሪ ኣምኪ'ና
ኣሎና ከም ህዝቢ ኣብ መሬት ዶባትና

ናይ ደገ ናይ ውሽጢ ሓድነት ደሊብና
መንእሰይ ወጻኢ ብሓደ ወዲብና
ናይ ምጣነ ሃብቲ ቅርጺ ኣዋዲድና
ብነብስኻ ምኽኣል እኽልና ሓፊስና
መጻኢ ውሕስነት ሕርሻ 'ማዕቢልና
እገዳ ዘይቀርቦ ወርቅና ፍሒርና
ብኣየር ብባሕሪ ዕድላት ቀሪብና
ሕክምና ምህሮ ኣብ ኩሉ ዘርጊሕና
መንእሰይ ሃገርና ኣብ ሳዋ ጠርኒፍና
ተካኢ ወለዶ ኣብ ባይታ ሰሪዕና
ኣብ ዳግም ህንጻና ንምርሽ ኣሎና
"ዓወትና ናይ ግድን" ሎሚውን ደጊምና !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ን'ሓፋሽ !
ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መበል 51 ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ